

# መስቀል

ከምቲ ኣብ ትሕቲ “ካብ ጽሑፋትን መጽሓፍትን” ዝብል ኣርእስቲ ዝወጽእ ዘሎ፡ ገለ ገለ ካብ እቲ ኣብ ሰማንያታት ዝነበረ ጽሑፋት እንተ ዘውጽእሲ ምተረባሕናሉ ኢሎም፡ ሓያለ ሰባት ርእይቶታቶም ኣቕሪቦም። ስለቲ ግዜ ወሲዶም ርእይቶታቶም ዝሰደዱ ብሓቂ ነመስግኖም።

ነዚ ዝሰደድዎ ርእይቶታት ኣብ ግምት ብምእታው እንሆ ኣብዛ ሕታም እዚኣ ንምጅማር ተበጊስና ኣሎና። እሞ፡ ብዛዕብኡ ዘለኩም ርእይቶታት ክንሰምዕ ኩሉ ግዜ ሰናይ እዩ እሞ፡ ንእሽቶ ጊዜ ወሲድኩም ክትልእኩ ነተባብዕ።

ድማ ናይ ኣስላም፡ ከምእሪ ኸኣ ማዕ ጺድ ምስ ሞደሻ ናይ ዴሳውያን፡ መስቀል ከኣ ናይ ክርስትያን ኣርማ እዩ። እቶም ቀዳሞት ክርትያናት ምስ ዘጀመርዎ ድማ ጌና ክሳዕ ሕጂ ይቕጽል ኣሎ።

ቅድሚ የሱስ ክርስቶስ፡ መስቀል ዘፈንፍን ነገር ድኣ እምበር ዘብህግ ዛንታ ዝነበሮ ነገር ኣይኮነን። እቶም ቀዳሞት ክርስትያናት ከኣ ንመስቀል ገዲፍካ ካልእ ንክርስቶስ ክዝክርሉ ዝኽእሉ ካልእ ብዙሕ፡ ንምሳሌ፡ ልደቱ፡ እቲ ምስትንክር ዝኾነ ኣገልግሎቱ፡ ትንሳኤኡ፡ ዕርገቱ፡ ክብረቱ፡ ምልኣኽ መንፈስ ቅዱስ … ወዘተ ነይሩዎም። ነዚ ኹሉ ሓዲጎምሲ ስለምንታይ እዮም ነቲ ሞቱ ዘዘክር ኣርማ ዝሓረዩ?







መስቀል፡ ኣብ ግንባርና ንውቀጦ፡ ኣብ ክሳድና ኸኣ ንጌጽ እነንጠልጥሎ፡ ምስ ተወለድና ምልክትና፡ መይትና ምስ ተቐበርና ምልክትና፡ መስቀል ኣርማ ናይ ክርስትያን እዩ። ልክዕ ከምቲ ኮኸብ ናይ ንጉስ ዳዊት ናይ ኣይሁድ፡ ወርሒ

በቲ ክርስትና ዝጀመረሉ ዘበን፡ ኣብ ዓለም ዓብላሊ ኰይኑ ዝርአ ዝነበረ፡ ናይ ሮማውያንን ግሪኻውያንን ባህልታት እዩ ነይሩ። እዚ ንኣይሁዳውያን ምልክት ናይ ስንፍናን ስቓይን ስለ ዝነበረ፡ ከም መርገም፡ ዓቢ ውርደት እዩ ነይሩ።



እቶም ቀዳሞት ክርስትያናት ንመስቀል ኣርማኦም ስለ ዝገበሩ ድማ ብዙሕ ባጫን ውርደትን ተሰኪሞም። ንምሳሌ፡ ንመላእኽቲ ብስራት ዘላግጹ፡ የሱስ ክርስቶስ ብምለኮታዊ ሓይሊ ተወሊዱ፡ ተኣምራት ሰሪሑ፡ ኣምላኽ ስጋ ለቢሱ ኢሎም ዘውርዩ፡ ተመሊሶም ከኣ ብድኹማት ሰባት ተሸንኪሩ ዝብሉ። መምለኽቲ ሽንኩር ኣምላኽ እናበሉ ኣባጭዮምሎም።

እቲ ኹነታት ከምኡ እንተ ድኣ ነይሩስ፡ ስለምንታይ ደኣ ነቲ ዛንትኡ ምስ ውርደት፡ መርገም፡ ድኻም ከምኡ’ውን ስቓይ፡ እተተሓሓዘ ኣርማ ናይ ክርስትያን፡ መዘከርታ ናይ ክርስቶስ ገበርዎ? ላግጽን ባጫን ምስ ኣስዓበሎም ነቲ ኣርምኦም ብኻልእ ኣርማ ኽትክእዎ ይኽእሉ ነይሮም። ግና ኣብ ክንዲ ምልዋጥሲ ነቲ ኣርምኦም ኣጥቢቖም ኽሕዝዎ ዝገበሮም ምኽን ያትሲ እንታይ እዩ? ምኽንያቱ፡ መስቀል ናይ የሱስ ክርስቶስ፡-

ኣብ መስቀል ክርስቶስ
እታ ሓቂ ኣብ ዕዳጋ
ኣይትወርድን እያ።
ጊዝያዊ ዝኾነ ማእከላይ
መርገጽ’ውን የብላን።

## 1. መገዲ ሓቂ እዩ

ቅድም ቀዳድም፡ ሓሳብ መስቀል ካብ ክርስቶስ ባዕሉ ድኣ እምበር ካብቶም ክርስትያናት ዝነቐለ ኣይኮነን። መለኮታዊ ድኣ እምበር ስጋዊ ሓሳብ ስለ ዘይኮነ ኸኣ ካብኦም ክነቅል ኣይክእልን እዩ። መስቀል የሱስ ክርስቶስ ባዕሉ ዝመረጾን ዝተለሞን መገዲ እዩ ነይሩ።

እ,በኣርሲ እቶም ቀዳሞት ክርስትያናት ንሓሳብ ክርስቶስ ተረዲኦምን ተገንዚቦምን ድኣ እዮም ንመስቀል ኣርምኦም ኽገብሩዎ ዝመደቡ እምበር መንቀድቲስ ኣይነበሩን። ስለዚ መስቀል ኣብ ሓሳብ ክርስቶስ እንታይ እዩ ነይሩ ኢልና፡ ብታሪኻዊ መገዲ ክነቕልበሉ ይግብኣና።

የሱስ ክርስቶስ ንሓደ ንጹር ተልእኾ ዝመጸ፡ ነቲ ተልእኾ ኸኣ ቀጥ ኣቢሉ ዝሓዘ ሰብኣይ እዩ ነይሩ። ግና ገለ ብጐርሒም ገለ ኸኣ ብገርሆም፡ ጸላእቱን፡ ፈተውቱን፡ ከምኡ’ውን ኲነታት ተልእኾኡ ኸስሕትዎ ብዙሕ ፈቲኖም። ነዚ ንምግባር ድማ ናብ ዕ ላምኡ ዘየብጽሕ መገዲታት ክሕብሩዎ ፈቲኖም።

ስለዚ የሱስ ክርስቶስ ብብሩህ ኣኣምሮ። ብሰናይ ሕልና፡ ብተባዕ መንፈስ መሪር ምርጫታትን መደባትን ክወስድ ናይ ግድን ኰኖ። እዚ መፈለምታ ናይ መስቀል ኣብ ዓውዲ ታሪኽ እዩ።

የሱስ ክርስቶስ ኣገልግሎቱ ኺጅምር ብዛዕባ ዝኽተሎ ሕንጻጻትን ኣተዓይያን ብጾምን ጸሎትን ከስተንትን ከሎ፡ ድያብሎስ ከስሕቶ ከም ሓላዪ ኣማኻሪ ኰይኑ መጸ። “ነዚ ኣእማን እንጌራ ግበሮ፡” ኢሉ ኸኣ ወጠሮ። ምኽንያቱ ብርእይቶ ድያብሎስ እቲ ቐደማይን ዝዓበየን ናይ መጨረሻን ጸገም ወድ ሰብ ጥሜትን ድኽነትን፡ መፍቲሒኡ ኸኣ ሽሻይ እዩ።

የሱስ ግና እዚ ምኽሪ ድያብሎስ

ብሓቂ እተጐልበበ ሓሶት፣ ኣብ ኣድራሻ ዘየብጽሕ መንቀሊ፣ ኣዔሽዩ ዘጽድፍ ሓቤሬታ ምዃኑ ብዓንተቦ ኣለልዩ ነጸጎ። ምኽንያቱ ብሓሳብ ክርስቶስ ሰባት ዘድልዮምሲ ክልተ ሽሻይ፣ እጌራን ቃል ኣምላኽን እዩ። ሕቶ ዘይብሉ፣ ሰብ ብዘይ መንፈሳዊ ሽሻይ ህጣራ እንስሳ፣ ጽጋባ ብሃም ኰይኑ እዩ ዝተርፍ።

ኣብቲ ፈተና ክርስቶስ፣ እቲ ድሓር ዝቐጸለ ምኽርታት ድያብሎስ፣ መልክዕ ናይ እዚ ቐዳማይ ፈተና ኣለዎ። እምበኣር መስቀል መገዲ ሓቂ ምምራጽ እዩ። ብፈረቓ ሓቂ ዘይምሕንካስ፣ ሓተላ ዘይብላ ጽርይቲ ሓቂ ምስታይ እዩ።

እቲ መገዲ ሓቂ ሽግርን ስቓይን ሞትን እንተ ኣኸተለስ፣ ሜላ ጌርካ ንሓቂ ንግዚኡ ሸለል ምባልሲ እንታይ ይጐድእ? ንዘክር ኣብ መስቀል ክርስቶስ እታ ሓቂ ኣብ ዕዳጋ ኣይትወርድን እያ። ጊዝያዊ ዝኾነ ማእከላይ መርገጽ'ውን የብላን።

ተልእኾ ናይ የሱስ ክርስቶስ መንግስቲ ኣምላኽ ኣብ ምድሪ ምትካል፣ ኣባላት ናይታ መንግስቲ ዝኾኑ ሰዓብቲ ከኣ ምዕዳም እዩ ነይሩ። ሓይሊ ተኣምራት ስለ ዝነበሮ፣ ንሕሙማት ብቓሉ ኣሕውይዎም፣ ንዝጠመዩ ብዘይ ጻዕሪ ኣጽጊብዎም፣ ኣጋንንቲ ንዝሓደርዎም ሰባት ካብ ጸገሞም ኣናጊፍዎም፣ ንሓይልታት ፍጥረት ከኣ ትሕቲ ቁጽጽሩ ገይሩዎም። እቲ ህዝቢ ብሓይሉ ተዓዚሙ ንኸንግሶ ኸኣ ሆ ኢሉ ተላዕለ። ካብ ኢድ ጸላእቶም ካብቶም ንሃገር ኣይሁድ ዝወረሩ ሓያላት ሮምውያን ኣናጊፉ ናጽነት ከልብሶም ሃረር ኢሎምን ተኣማሚኖምን ነይሮም።

የሱስ ክርስቶስ ግና ዘንግስዎ ሰዓብቲ እናረእየ ኣብ ክንዲ መርሓባ ኢሉ ብኽልተ ኢዱ ዝቐበሎምሲ ካብኦም ተሓብአ። ንኸየንግስዎ ከኣ ኣበየ። ኣረ ተንኰል ናይ ድያብሎስ ገይሩ ረኣዮ።

ንየሱስ ክርስቶስ እታ ሓቂ ካብ ድምጺ ህዝቢ፣ ካብ ብዝሒ ህዝቢ፣ ካብ ሻራ ህዝቢ ትዓቢ። እቶም ሆ ዝብሉ ዝነበሩ ብሓይሊ ክርስቶስ ጥቕሞም ማለት ፖለቲካዊ ዕላምኦም ክማልኣሎም ድኣ እምበር ብሓቂ ብየኡስ ክርስቶስ ኣሚኖም ኣይኮኑን። ክርስቶስ ግና ናይ ልቢ ንጉስ እንተ ድኣ ዘይኮይኑ ናይ ግዳም ንጉስ ጥራይ ክኸውን ሕራይ ኣይብልን እዩ።

ካብዚ ኽንርእዮ ዝጸናሕና ሓጺር መተምባህታታት፣ ዛንታ ናይ የሱስ ክርስቶስ እነስተብህለሉ እዚ እዩ። መስቀል ንክርስቶስ መገዲ ሓቂ - ምሉእ ሓቂ - ምምራጽ እዩ። እምበኣርሲ፣

- ጽሩይ ሓቂ፣ ወትሩ ሓቂ፣ ብተንኰል ድያብሎስ ከይተዓሸኻ መገዲ ሓቂ ምምራጽ መስቀል እዩ።
- ብግሩሃት ግናኸ ብጕግያት መጣቓዕቲ ሰዓብቲ ኸይተዓሸኻ መገዲ ሓቂ ምምራጽ መስቀል እዩ።
- ብሽኲነታትን ብድምጺ ህዝብን ተደሪኽካ ንሓቂ ከይደለልካ መገዲ ሓቂ ምምራጽ መስቀል እዩ።

(ብስራት 1989) ካልኣይ ክፋል

(ብስራት 1989) ይቕጽል